# ብምኽንያት መበል 42 ዓመት ልደት ህወሓት 11 ለካቲት

# ብማ/ኮሚቴ ህወሓት ዝተወሃበ ውድባዊ መግለፂ

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት

ለካቲት 10/2009 ዓ/ም

<u>መቐለ</u>

# ብምኽንያት መበል 42 ዓመት ልደት ህወሓት 11 ለካቲት ዝተወሃበ ውድባዊ መግለፂ

ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ኣብ እንግድዑ ተፃዒኑ ዝነበረ ዘስካሕኽሕ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ንምንጋፍ ኣብ ፅላል እታ ካብ ኣብራኹ ዝወፀት ውድቡ ህወሓት ዓሲሉ ሽግ ሓርነቱ ዝወለዐላ፣ ነቲ መሰደመም ዝኾነ ህዝባዊ ፅንዓቱ ዘርኣሉ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ  ነቕ ዘይብል እምነ ሰረት ዘንበረላን ህልውንኡ ዘረጋገፀላን 11 ለካቲት ኣብ ምዕራፋት ጉዕዞ ቓልሱ ብዝለዓለ ድምቀትን ናይ ቓልሲ ሕራነን ዘኽብራ ወርቃዊት ዕለት እያ።

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እቶም ቅድሚ 42 ዓማውቲ ኣብ ሃገርና ዝነበሩ ገዛእቲ ደርብታት ስርዓት ትምክሕቲ ዝኸተልዎ ዝነበሩ ኣድላዊ ፖሊሲ ይበፅሕ ዝነበረ ዘስካሕኽሕ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ መፍትሒኡ ርእስኻ ኣድኒንካ ምንባር ዘይኮነስ ቓልስን ቓልስን ጥራሕ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ኣብ ፅላል መስመር ውድቡ ህወሓት ዓሲሉ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣቐፂሒሉ። እቲ ዋርድያ ድኽነትን ድሕረትን ዝነበረ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግን ምስኡ እናተሻረኹ ንቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ክጭፍልቑ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዝነበሩ ኩሎም መድሐርሐርትን ተበለፅትን ሓይልታት፣ ህዝቢ ትግራይ ብውድብ ህወሓት እናተመርሐ ዘካየዶ መሪር ብረታዊ ተጋድሎ 17 ዓማውቲ፣ ንተዓዋታይነት ቃልሲ ውፅዓት ኣህዛባት ዓንዲ ሑቐ ብምኳን ብደምን ዓፅምን ዝተፀሓፈ ድሙቕ ታሪክ ምዕራፍ ቃልሱ ብዓወት መስስ ኢልዎ እዩ። እዚ መስተክራዊ ፅንዓት ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህውሓትን ዝተርኣየሉን ንምእማኑ ዘፀግም መስዋእትነት ዝተኸፈለሉን መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ምእንታን ነቲ ሐዚ ረኺብናዮ ዘለና ራህዋን ምርግጋፅ ብሩህ ጉዕዞ  ህዳሴ ክልልናን ሃገርናን ዝተኻየደ ምዕራፍ ቓልሲ እዩ።

ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ን17 ዓማውቲ ዘካየድዎ መሪር ብረታዊ ተጋድሎን ዝኸፈልዎ ንምእማኑ ዘፀግም መስዋእነትን ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ዋርድያ ድኽነትን ድሕረትን ኮይኑ መሕለፊ ስለ ዘስኣኖም እምበር ንቓልሶም መበገሲን ኣማዕድዮም ዝኣመትዎን ዕላማ ኣብ ሃገርና ማዕርነታዊ ሓድነት ዘረጋግፅ ስርዓትን ምዕቡል ሕብረተሰብን ንምፍጣር ከም ዝነበረ እውን ጉሁድ ሓቂ እዩ።

ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን፣  ነቶም ዘይድፈሩን ዘይሰዓሩን ዝመስሉ ዝነበሩ ፋሽሽታውያን ፣ ትምክሕተኛታትን ፀበብትን ብብረታዊ ተጋድሎኦም ጠሓሒሶም ብምዕዋቶም ናብታ ብሡናት ሳን-ሳን ዝበለት ፣ ብድኽነትን ድሕረትን ተቖሪና ንናይ ዓለምና

ተምሳሌት ጭራ ድኽነት ዝነበረት ሃገርና ተምሳሌት ቅልጡፍ ፣ ፍትሓውን ቐፃልን ልምዓትን ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ዘሎዎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ናብ ምህናፅ ርብርብ ዝወፈርና። እነሆ ድማ ድሕሪ ምድምሳስ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ብፍላይ ድማ ዋሕስ ሃገርና ዝኾነ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ፀርዩን ጎልቢቱን ካብ ዝወፀሉ ቅድሚ 15 ዓመት ጀሚሩ ኣብ ዝገበርናዮ ሰፊሕ ቓልስን ምርብራብን ሃገርና ናብ ሃዲድ ጉዕዞ ህዳሴ ኣእቲና ንቕድሚት ንምርሽ ኣለና።

ኣብዚ መስተክራዊ ናይ ዕለማ ፅንዓትን ጅግንነትን ቃልሲ፣ ኣብ ጉዕዞ ቓልስና ንዘጋጥሙና ሕልኽላኻትን ብደሆታትን እናበጣጠስና ካብ ዓወት ናብ ዓወት ብምስግጋር፣ ሃገርና ኣትያቶ ካብ ዝነበረት ጉዕዞ ቑልቁለት ኣውፂእና ናብ ሃዲድ ጉዕዞ ህዳሴ ኣእቲና ንቕድሚት ምምራሽ ዝጀመርናሉ ጉዕዞ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን እነሆ 42 ዓመት ኣቑፅሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ውን በዚ ኣጋጣሚ እዚ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ፣ ንተጋደልትን ኣባላትን ህወሓት፣ ንኣባላት ኢህወዴግን መሓዙት ውድባትን ከምኡ ውን ንመላእ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና እንኳዕ ንመበል 42 ዓመት ልደት ህወሓት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይን ዝኾነት ታሪኻዊት ዕለት 11 ለካቲት ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ክንብል ንፈቱ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!

ዝኸበርኩም ኣባላት ህወሓት!

ውድብና ህወሓት/ ኢህወዴግ ነቲ ዝተበገሰሉን ኣማዕድዩ ዝጠመቶን ህዝባዊ ዕላማ ንምዕዋት ኣብ በቢ መድረኹ ንዘጋጥምዎ ዝተሓላለኹ ፀገማት ኮኑ ተባራዕቲ ሕቶታትን ብብስለትን ብዝለዓለ ውሕልልናን ጥበብ ኣመራርሓን እናኣለየ፣ ነቲ ቕኑዑን ፅሩይን ወያናይ ዴሞክራሲያዊ መስመሩ ካብ ብተግባር ዝረኸቦም ተመክሮታት ትምህርትን ዝያዳ ክምዕብሉ ፣ ክፀርዩ፣ ክጉልብቱን እናገበረ፣ ኣብ በብእዋኑ ዘይሕለል ፅኑዕ መትከላዊ ቓልሲ እናካየደን እናተሃደሰን ዝመፀ ገስጋሳይን ዝለዓለ ህዝባዊ ሓላፍነትን ወያናይ እምነትን ዝሓዙ ብዙሓት ሽግራት ፈቲሑ ናብ ዓወት ዝበፅሐ መሪሕ ውድብ ከምዝኾነ ባዕልኹም እትግንዘብዎን ምዕራፋት ጉዕዞ ቓልሲና ህያው ምስክራትናን እዮም።

ሎሚ ኣብ መበል 42 ዓመት ልደት ውድብና ህወሓትን ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይን ኮይና ታሪኻዊ በዓልና እንትነኽብር 'ውን ኣብ ፅባሕ ጉዕዞ 15 ዓማውቲ ህዳሴና

ብዕሙቀት ዝገምገመሉ ኹነታት ኮይና ኢና። ውድብና ህወሓት ሎሚ 'ውን ከምቲ ናይ ትማሊ ካብ ጉዕዞ ቓልሲ 15 ዓማውቲ ህዳሴና ተመኩሮን ትምህርትን ንምውሳድ ኣብ ፅላል "ውድብና ብዕሙቆት ብምህዳስ ውድብና ንመድረኻዊ ተልእኾ ነብቅዕ" ዝብል መሪሕ ሓሳብ ዓሲልና ጉዕዞ ህዳሴና ብዕሙቆት ዝገምገምናሉ ፍሉይ መድረኽ ኮይና ኢና።

ኣብዚ ከይዲ ብዕሙቀት ናይ ምህዳስ ምንቅስቓስናን ቓልስናን ከምዘረጋገፅናዮም 'ውን ሳላ ህዝባውን ሳይንሳውን ስነ-ሓሳብ ዝዓሞቖ፣ ፖለቲካዊ ብቕዓቱ ዘመስከረ፣ ንህዝቢ ናይ ምልዓልን ምውዳብን ብቕዓት ዘሎዎ፣ ብፅኑዕ ድስፒሊን ናይ ሓሳብን ተግባርን ሓድነት ዝሃነፀ፣ መንግስታዊ ለውጢ መሳርሒ ህዝባዊ ስልጣን ሙኳኑ ብፅንዓት ዝኣመነ ፣ ባዕሉ ንባዕሉ እናኣረመ ዝኸይድን ንኹሎም ፈተናታትን ብድሆታትን ብብስለትን ብፅንዓትን እናበደሀን እናሰገረን ዝመርሕ ውድብና ህወሓት ስለዝወነና ኣብ ዝሓንፀፅናዮም መደባትን ሽቶታትን ጉዕዞ ህዳሴና ኣንፀባረቕቲ ዓወታት ኣመዝጊብና ኢና።

ብሳላ ብቑዕ መሪሒነት ህዝባውን ወያናይን ባህሪ ዝዓጠቐ ውድብና ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ተሃድሶና ናብ ሚልዮናት ህዝብታት ብምስራፅን ዋሕስና እዩ ኢሎም ብምውሳዶምን እታ ትማሊ ናይ ዓለምና ተምሳሌት ድሕረትን ድኽነትን ዝነበረት ሃገርና ሎሚ ተምሳሌት ቅልጡፍ ፣ ፍትሓዊ ፣ ተጠቃምነትን ቐፃሊን ልምዓትን ህዝባዊ መሰረት ዘሎዎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝህነፀላ ኮይና ኣላ። ኣብ ገጠር ይኹን ከተማ ዝነብር ህዝብና ሎሚ 'ውን ከምቲ ናይ ትማሊ ኣብ ፅላል ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ውድቡ ህወሓት ዓሲሉን እቲ መስመር ዝፈጠረሉ ዕድላት ምስ ራሃፁን ፀጋታቱን ኣዋዲዱን ፀንቂቑ ብምጥቓምን መነባብርኡ ምዕቡል ንምግባር ብዝገበሮ ዝተወደበ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ዓንፀባረቕቲ ዓወታት የምዝግብ ኣሎ።

ኣብ ገፀር ዝነብር ህዝብና መነባብርኡ ንምቕያር ብውድቡ ህወሓት/ኢህወዴግ ዝተሓንፀፀ ሕርሻ ዝመርሖ ስትራተጂ ልምዓት ንምትግባር ብዝተወደበ ልምዓታዊ ሰራዊት ብዝነበሮ ቓልስን ምንቅስቓስን ጭቡጣት ዓወታት ኣረጋጊፁ እዩ። ነታ ብሾናትን ድርቅን ዝተነሳቐለት ትግራይ ብሓምለዋይ ልምዓት ንምቕያር ኣብ ዙርያ ስራሕቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዝወለዖ ዝተወደበ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ዝተረኸበ ዓወትን ውፅኢትን ኀቦታትና ብሓምለዋይ ልምዓት ምሸፋን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መስኖ ልምዓት ዓቕምና ንክጉልብትን ድርቂ ዝፃወር ቁጠባ ሕርሻ ትግራይ እናተሃነፀ ክኸይድን ኣብ ምግባር ዝለዓለ ተራን ውፅኢትን ከምዘሎዎ ብተግባር ኣረጋግፅና ኣለና። ሓረስታይ ትግራይ ኣድላይነትን ረብሓን ቴክኖሎጂ እናተረደአ ብኹሉ ዓይነት ናይ ልምዓታውን ዴሞክራሲያውን መንግስትና ድጋፍ እናተዓጀበን ናይ ሕርሻ ኤክስቴንሽን ስርዓትና እናተደገፈን

ፍርያቱ ዘዕብየሉን ብቐንዲ ድማ ንዕዳጋ ሓሲቡ ናብ ዘፍርየሉን ኩነታት ይሰጋገር ከምዘሎ ህዝብና ባዕሉ ዘረጋግፆ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ። ብውፅኢቱ ድማ ኣብ ሓረስታይ ትግራይ ትማሊ ዘይነበረ ሓዱሽ ሃፍቲ እናተፈጠረ ይኸይድ ከምዘሎ ጋህዲ ይኸውን ኣሎ።

መስመር ተሃድሶና ኣብ ገጠር ከይተሓፀረ ንናይ ከተማ ህዝብና ናብራ ኣብ ምቕያር 'ውን ዋሕስ ከምዝኾነ ብተግባር ይረጋገፅ ኣሎ። ካብ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ውድብና ዝመንጨወ ስትራተጂ ልምዓት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ትካላት ንግዲ ተሓንፂፁ ተግባራዊ እናገበርና ብምኻድና ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ከተማታትና 'ውን ኣብ መንገዲ ብሩህ ተስፋ ከምዘለና ምርግጋፅ ጀሚርና ኣለና። ዛጊድ ብዝገበርናዮ ቓልስን ምንቅስቓስን ብዓሰርታት ኣሻሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ከተማታትና ስራሕ ከይናዓቑ መስመር ተሃድሶና ዝፈጠረሎም ዕድል ተጠቒሞም ብፃዕሮምን ራሃፆምን ናብረኦምን ናብራ ነባራይ ከተማታትናን እናተመሓየሸ ክኸይድን ከተማታትና ማእኸል ስሕበት ኢንቨስትመንት ንግዲን ንክኾና መሰረት የንፀፉ ምህላዎም ጉሁድ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ ማሕበራዊ ልምዓት 'ውን ኣድማዕቲ ዓወታት ነረጋግፅ ኣለና። ንፅሬት ፓኬጅ ትምህርቲ መሰረት ብምግባር ድሕረትን ድኽነትን ብናይ ፍልጠት ጥይት እዩ ዝቕተል ኣብ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ዓሲልና ብዝወለዕናዮ ዝተወደበ  ምንቅስቓስ ሓፋሽ ሎሚ ኩሎም ህፃናት ትግራይ መፃኢ ጉዕዞኦም ብሩህ ከምዝኾነ እናጠመቱ ኣብ መኣዲ ትምህርቲን ፍልጠትን ዝውዕልሉን ትምህርቲ መሰረት ምዕባለና ዝኾነሉ ኩነታት ይፍጠር ከምዘሎ ብተግባር ይረጋገፅ ኣሎ።

ኣብ ስራሕቲ ጥዕና 'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ፅላል ምክልኻል ማእኸሉ ዝገበረ ፓኬጅ ጥዕና ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ዝመርሐኦ ብዝወለዕናዮ ዝተወደበ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስ ጥዕንኡ ዝሓለወ መፍረያይ ዜጋ ንምህናፅ ብዝገበርናዮ ርብርብን ዝተረኸበ ተግባራዊ ውፅኢት መርኣያን ድሙቑን ህዝባዊነት መስመር ተሃድሶና ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ ክልልና ይኹን ሃገርና ዱልዱል ሕገ-መንግስታውን ዴሞክራሲያውን ስርዓት ንምህናፅ ብዝገበርናዮ ቓልስን ምርብራብ 'ውን ካብ እዋን ናብ እዋን ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ህዝብና እናማዕበለ፣ ናይ ዴሞክራሲ ትካላትና እናጠናኸርና ብምኻድናን ካብ ምርግጋፅ ዴሞክራሲያዊ ማዕርነት ወፃኢ ዝግበር ምንቅስቓስ ካብ ምንጩ እናድረቕና ንዘተኣማምን ሰላምና ፅኑዕ መሰረት እናንፀፍና ንቅድሚት ንምርሻ ከምዘለናን ህያውነት ጉዕዞ ህዳሴና ዘረጋግፆ ዘሎ እዩ።

ልምዓታውን ዴሞክራሲያውን መስመርና ብፃዕራም ተቓላሳይ ህዝብና ንምትግባር ብዝወላዕናዮ ውዑይ ዝተወደበ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ብተግባራዊ ምንቅስቓስም ቅድመ ግንባር ዝኾኑ ብኣሚኣት ኣሸሓት ዝቁፀሩ መራሕቲ ናብ ውድብና እናተፀምበሩ ንውድብና እናጎልበቱን ውድብና ህዝባዊ መሰረቱ እናሰፈሐን ንህዝብና ኣብ ፅላል መስመሩ እናዕሰለን ሐዚ 'ውን ከምቲ ናይ ትማሊ ፅኑዕ መሪሕ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ንቐድሚት ይምርሽ ኣሎ። ጉዕዞ ህዳሴና ብናይ ወሎዶታት ምቅብባል ሕድሪ እምበር ብሓደ ወለዶ ዘይውዳእ ጉዕዞ ከምዝኾነ ዓሊምና ዘነፀርናዮም ኣንፈት ተግባራዊ እናኾነ ውድብና ብኣሻሓት ዝቑፀሩ ተካእቲ ነባር መሪሕነት ዝኾኑ መናእሰይ እናዓሰልዎ ይኸዱ ኣለው። እዚ ብምኳኑ ድማ ንመበገሲ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ዕላማታት 11 ለካቲት ኣብ ሽቶኦም ከም ዝበፅሑ ዘየጠራጥር ጉዕዞን ኣንፈት ቓልሲን ይረጋገፅ ከምዘሎ ህያው ዝኾነሉን ሓበን ውድብና ህወሓት ዝግለፀሉን ጭቡጥ ተግባር ኮይኑ ኣሎ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!

ዝኸበርኩም ኣባላት ህወሓት!

ከምቲ ታሪኽ ጉዕዞ ቓልስና ዝምስክሮ ብሓያልነት ህዝባዊ መስመር ውድብና እናተመራሕና ናብዚ ሐዚ በፂሒናዮ ዘለና መድረኽ ጉዕዞ ህዳሴን ራህዋን ንክንበፅሕ ፈተንቲ መድረኻት እናሕለፍና ከምዝመፃኣና ባዕልኹም እትግንዘብዎ ሓቂ እዩ። ኣብ ከይዲ ጉዕዞ ቓልስና ኣብ መንጎ ንቓልስና ንቐድሚት ዘሰጉሙን ንቓልስና ዘዕንቅፉን ብጣዕሚ ፈተንቲን ወሰንቲን ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ቓልሲ እናገበርና ፣ ውድብና ህወሓት እናፅረናን እናሃደስናን ኢና ካብ ዓወት ናብ ዓወት እናተሰጋገርና መፂና። ኣብዚ ጉዕዞ 15 ዓማውቲ ህዳሴና መሰረት ብምግባር ብዕሙቀት ናይ ምህዳስ ምንቅስቓስና ዝረአናዮ ሓቂን ተግባርን እውን ነዚ እዩ ኣረጋግፁ።

ብሓያልነት ልምዓታዊ ዴሞክራሲያዊ መስመርና፣ ፅኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና ኣብቲ መስመር ዓሲሉ ብዝገብሮ ዓርሞሸሻዊ ተሳትፎን ቓልስን እዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ዓወታት እኳ እንተረጋገፅና ብሓደ ገፅ ብምኽንያት ባዕሉ እቲ ዘረጋገፅናዮ ዓወት ዝፈጠሮ ተወሰኽቲ ሕብረተሰባዊ ጠለባት ብኣግባቡ ብዘይምምላስና፣ ብኻሊእ ገፅ ድማ ነቶም ኣብ እዋን ተሃድሶና ናይቲ እንሃንፆ ዘለና ስርዓት ዕንቀፋትን ሓደጋታትን ኢልና ዘነፀርናዮም ኣተሓሳስባን ተግባር ኣካብነት ክራይ ብብቑዕ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ቓልሲ ብፅንዓት እናመከትናን ካብ ምንጩም እናድረቕናን ብዘይምኻድና ነቲ ምርግጋፅ ጀሚርናዮ ዘለና ለውጥን ህዳሴን ዘዐንቅፍን ናብ ሓደጋ ክእትውናን ዝኽእሉ ጉድለታት ኣመራርሓ ከምዘሎውና ብዕሙቀት ገምጊምና ኢና። ብውፅኢት ድማ ነቲ

ምእንታን ፍትሒ ኢሉ ዀሉ ዓይነት መስዋእነት ዝኸፈለ ህዝብና በቲ ውድብናን ባዕሉን ትፅቢት ዝገበረሉን ብናይ ባዕሉ ዝተወደበ ተሳትፎን ምንቅስቓስን ሰናይ ምምሕዳርን ከምቲ ዝድለ ክነንግሰሉ ኣይካኣልናን። መስመር ተሃድሶና ዘነፀሮም ኣንፈታት ልምዓት ብፅንዓት ነኺስና፣ ኩሎም ሃፍተ ገነትናን ፀጋታትናን ተጠቒምናን ዝለዓለ ትዅረት ብምሃብን ናይቲ እንሃነፆ ዘለና ስርዓት ተረከብቲ ዝኾኑ መንእሰይ ብናይ ባዕሎም ዝተወደበ ተሳትፎ ተጠቃምነቶም ንምርግጋፅን ንኣጠቓላሊ ህንፀቶምን ዝተገበረ ቓልስን ምንቅስቓስን ውስንነት ከምዘለዎ፣ ብድምር ኣብቶም ዝሓዝናዮም ሸቶታት ዕቤትን መሰረታዊ ለውጥን በቲ ውድብናን ህዝብናን ትፅቢት ዝገብረሎምን ብዝተመጣጠነ ውፅኢትን ከምዘየረጋገፅና ብዕሙቀት ገምጊምና ኢና።

ኣብ ውሽጢ ውድብና ዝተጎሃሃረ ዘየቋርፅ ውዑይ ደርባዊ ቓልሲ እናወላዕና ነቲ ኣብ ናይ ተሃድሶ መስመርና ናይ ውድብናን ስርዓትናን ቐንዲ ሓደጋና ኣረኣእያን ተግባርን ክራይ ኣካብነት እዩ ዝበልናዮ ንፃት ‘ውን ከይተዘናጋዕና እናመከትና ከምዝይመፃና ‘ውን ካሊእ ብዕምቆት ዝገምገምናዮ ጉዳይ እዩ። ዴሞክራሲያዊ ሂወት ውሽጠ ውድብ ቓልሲን ዝመርሖ ኣብ ዙርያ ፀረ-ክራይ ኣካብነት ዝግበር ናይ ኣረኣያን ተግባርን ቓልሲ ውዑይ ዝተወደበ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስ እናወለዕና ከምዘይከድና ኣብዚ ብዕሙቀት ናይ ምህዳስ ምንቅስቓስና ኣረጋግፅናዮ ኢና። ብውፅኢቱ ድማ ወያናይን ህዝባዊን ባህሪ ኣመራርሓና እናተሸርሸረ ዝሓዝካዮ ስልጣን ኣብ ክንዲ ንረብሓን ግልጋሎትን ህዝቢ ምውዓል  ንውልቀ ረብሓን መንበሪ መረጋገፂ ገይርካ ናይ ምውሳድ ዝንባለ ከምዘሎን  እዚ ድማ ቐንዲ ፍልፍል ጉድለታትና ከምዝኾነ ኣስሚርናሉ ኢና። ካብዚ ዝብገስ ኣብ ውሽጢ ውድብና ናይ ፀረ-ዴሞክራሲ ፣ በለፅን ምክእኣልን ኣርኣያን ተግባርን ቦታ እናረኸበ ብምምፅኡ ንኣብ ውሽጢ ውድብ ዝግበር ውዑይ ዴሞክራሲያዊ ቓልሲ እናፈዘዘ ከምዝመፀ ብዕሙቀት ገምጊምና ደምዲምና ኢና።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!

ዝኸበርኩም ኣባላት ህወሓት!

ካብ ጉዕዞ ምዕራፍ ቓልሲ ብረታዊ ተጋድሎናን ህዳሴናን እንመሃሮ ካብ ሓደ መድረኽ ቓልሲ ናብቲ ዝቕፅል መድረኽ ብዓወት እናተፀምበልና እንትንሰጋገር ኩሉ ግዜ ክልተ ብልሒ ዘሎዎ ቓልሲ እናካየድና ኢና። ብሓደ ገፅ ኣብ ውሽጥና ንዘጋጥሙና ዕንቅፋታት ብልሒ ዘሎዎ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ቓልሲ እናካየድና ብኻሊእ ገፅ ድማ ውሽጣዊ ብልሕና ዝስሓሎ  ኣንፈት ቓልስና ንፀላእትና እናቆረፀ ዝኸይድ ብልሒ እናፈጠርና ኢና ካብ ዓወት ናብ ዓወት

እናተሰጋገርናን ናብዚ ሐዚ በጺሕናዮ ዘለና ምዕራፍ ኩሉ መደያዊ ፀረ-ድኽነት ቓልሲ በጺሒና ዘለና።

ጉዕዞ ሕሉፍ ብረታዊ ተጋድሎና ከም ዝመስክሮ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፅላል መስመር ውድቡ ህወሓት/ ኢ.ህወዴግ ዓሲሉ ናይ 17 ዓማውቲ ብረታዊ ተጋድሎ ኣካይዱን ንምግማቱ ዘፅግም መስዋእነትን ኸፊሉ ንፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ጥራሕ ኣይኮነን ደምሲሱ። ምስ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ተሓሺኪሮም ንፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ክጭፍልቑ ተወዲቦም ንዝነብሩ ኩሎም ትምክሕተኛታት፣ ፀበብትን ተበለፅቲን ኢ.ና 'ውን ፀሓዮም ክዓርቦም ገይርና። ስለዝኾነ 'ውን እዩ ኣብዚ ሐዚ ዘለናዮ ጭቡጥ መድረኽ ኩሎም ምስ ደርጋውያን ፀሓዮም ዝዓርቦም ተረፍ መረፍ መሳፍንቲ ፣ ትምክሕተኛታትን ፀበብትን ንስዕረቶም ቐንዲ ተሓተቲ ንህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህውሓትን ገይሮም ብምውሳድ ሐዚ 'ውን እንተኾይንሎም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ሕኒኦም ንምፍዳይ ናይ ቐቢፀ ተስፋ ዓገርገር እንትብሉ ብጋህዲ እንዕዘቦም ዘለና እዩ። እዞም ብቓልስና ዘንበርከኽናዮም ተረፍ መረፍ መሳፍንቲ ደርጋውያንን ዝኾኑ ትምክሕተኛታት ፀበብትን ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ 'ውን ድቃስ ስኢኖም ካብታ ሒዝናያ ዘለና መንገዲ ህዳሴ እንተኽኢሎም ካብ መንገድና ከውፅኡና እንተዘይኪኢሎም ድማ ከዕንቅፉና ዝፅዕሩ ዘለው።

ንህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ካብቶም ካልኦት ናይ ቓልሲ መሓዙቱ ዝኾኑ ውድባትን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን "ልዕልነት ትግራይ ኣሎ" ብዝብል ፈሊጥ ነጺሎም ንምውቓዕ ኹሉ ዓይነት ውዲታት ፈሒሶም ዝረባረቡ ኣለው። ንህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ነጺልካ ምውቃዕ ማለት ኣብኡ እናሃለው ንሃገርና ዝመርሕ ዘሎ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ኢ.ህወዴግ ምውቃዕ ከምዝኾነ ተረዲኦም ምስ ናይ ውሽጢን ግዳምን ፀላእትና ተኣሳሲሮም ወፍሪ ፀረ-ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ኸፊቶም ለይትን ቀትርን ዝረባረቡ ኣለው። ህዝቢ ትግራይ ከምዘይፈልጠምን ኣብ ጉዕዞ ቓልሱ ጉርድታት ኢ.ኹም ኢ.ሉ ከምዘይጎለሎምን ረሲዖም ዘርኢ ኳኹቶ ሒዞም ንፍርያት ተሃድሶና ዘርኢ መርገም ክሓውስሉ እንትንቀሳቐሱ መዓልታዊ ተርእዮ ኮይኑ እንትቕፅል ብተግባር ንዕዘቦ ዘለና።

ዝኸበርኩም ኣባላት ህወሓት!

ንዘጋጥሙና መረርቲ ፀገማትን መድረኻትን ቅድም ቀዳድም ህዝባዊ መስመር ውድብና ኣፅንዕና ሒዝና እናተቓለስናን እናሰገርናን ብዝበለፀ እናተሃደስናን እናተጠናኸርናን ኢ.ና ናብዚ በጺሒናዮ

ዘለና መድረኽ በዒሒና ዘለና። እዚ ከይዲ እዚ ድማ ዘየቋርፅ መስርሕ ነዊሕን መሪርን ጉዕዞ ቓልሲ ወያነና ከምዝኾነ 'ውን ንዓኹም ጉህድ ሓቂ እዩ።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና መድረኽ 'ውን ምውናንን ህዝባዊን ወያናይን ባህሪ መስመር ውድብናን ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ንምትግባር ካብ ሕድሕድና ብብቑዕ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ፅሬት ዝጠልብ መድረኽ ኮይኑ ኣሎ። ነዞም ብቓልስና ዘረጋገፅናዮም ዓወታት ዓቂብና፣ ነቶም ኣብ ውሽጥና ዝገምገምናዮም ጉድለታት ብዘይምሕረት ተቓሊስና ብምስዓር ውድብናን ህዝብናን ትፅቢት ዝገብረሉ ውፅኢት ክነረጋግፅ ኣለና። ስለዝኾነ 'ውን ነቶም ዘጋጥሙና መድረኻዊ ሕልኽላኻትን ፀገማትን ኣብ ምፍታሕ መሰረት ዝኾኑና ናይ ውድብና ሸኻላት ብፅንዓት ሒዝኩም ሎሚ 'ውን ከምቲ ናይ ትማሊ መድረኻዊ ተልእኾኩም ንኽትፃውቱ ይግባእ። ልዕሊ ናይ ውልቅኹም ድሌትን ባህግን ንዕላማን ድሌትን ውድብኹምን ህዝብናን ሰሪዕኹም ብትረት እናተቓለስኩም ኣብ ዙርያ መስመር ውድብኩም ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደ ውዑይ ወያናይ ማዕበል ኣዕሲልኩም ረመፅ ትምክሕተኛታትን ፀበብትን ዝኾነት ምዕብልቲ ትግራይን ሃገርናን ብምፍጣር እቶም ንዕላማታት 11 ለካቲት ንምዕዋት ዝሓለፉ ጀጋኑ ስውኣትና ራእዮምን ባህጎምን ክውን ንምግባር ኣብ ዝግበር ዘሎ ምርብራብ ቅድመ ግንባር ኮንኩም ንቕድሚት ክትምርሹ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ፃዉዕቱ የቕርበልኩም።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፡-

ናብዚ ሐዚ በዒሒኻዮ ዘለኻ መድረኽ ህዳሴን መንገዲ ብሩህ ጉዕዞን ክትበፅሕ ኣብ ፅላል መስመር ውድብካ ህወሓት ዓሲልካ ንምግማቱ ዘፀግም መስዋእትነት ብምኽፋል ዝሓለፍካዮ ጉዕዞ ኣዝዩ መሪር ግን ድማ ብዓወት ዝተፀምበለ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ዕጥቂ ቓልሲ ምስ ከማኻ ዝበሉ ውፅዓት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ብሙኻን ፅኑዕን ዘይድፈርን ዕርዲ መስመር ውድብካ ህወሓት /ኢህወዴግ ኮይንካ ክቡር መስዋእትነት ኸፊልኻ ኢኻ። ዘይእመን ዝመስል ግን ድማ ብተግባር ዝተፈፀመ መስተክራዊ ተጋድሎ ኣሕሊፍካ ፣ ኣብ ጉዕዞ ቓልስኻ ንዘጋጥምካ ዝነበሩ ከበድቲ ፈተናታትን ሕልኽላኻትን ብመትከላዊ ፅንዓትካ እናበጣጠስካ ናብ ዓወት በፅሒኻ ኢኻ። ድሕሪ ዕጥቃዊ ቓልስኻ ብዓወት ምዝዛምካ 'ውን እንተኾነ ነቲ ኣርሕቕካ ንዝዓመምካዮ ጉዕዞ ህዳሴ ዕውት ንምግባር ኣብ መንገድኻ ብዘጋጥሙኻ ሕልኽላኻትን ማዕበላትን ከይተናወፅካ፣ እኳ ድኣስ ከምቲ ልማድካ ፅኑዕ ዕርዲን ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ውድብካ ህወሓት/ኢህወዴግ ብሙኻን ነቲ መስመር እናተግበርኻ ንቕድሚት ትምርሽ ኣለኻ።

ብውፅኢቱ ድማ ኣብዞም ዝሓለፉ ናይ ህዳሴ ጉዕዞ ዓመታት ብዘካየድካዮ ዘይተሓለለ ቓልስካ ኣብ ሃገርናን ክልልናን ዝነበረ ምቁልቋል ጉዕዞ ዓጊትና ሃገርናን ክልልናን ተምሳሌት ኩለመዳይ ቅልጡፍ ልምዓትን ምዕባለን ሽማ ክፍለዋን ክብራ ክብርኽን ጀሚሩ ኣሎ። በዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ቓልሲ ፅንዓት ኣብ ጉዕዞ ቓልስኻ ንዘጋጥሙኻ ሕልኽላኻት ብድሆታትን እናበጣጠስካ ካብ ሓደ ምዕራፍ ቓልሲ ናብቲ ዝቕፅል ምዕራፍ ቓልሲ እንትሰጋገር ብትገብሮ መትካለዊ ፅንዓትን ቓልሲን ውድብካ ህወሓት/ኢ.ህወዴግ ሎሚ 'ውን ከምቲ ናይ ትማሊ መዘና ዘይብሉ ሓበንን ከምዝስመየን ንዝለዓለ ናይ ቓልሲ ሕራነን ፅንዓትን ከምዘዳልዎን በዚ ኣጋጣሚ እዚ ማእኸላይ ኮሚቴ ውድብካ ህወሓት ከረጋግፀልካ ይፈቱ።

ናብዚ ቀፃልነት ዘለዎ ዓወት ዘብፀሐካ ውሕሉልን ሳይንሳዊን ኣካይዳ ውድብካ ህወሓት ተረዲኢኻን ኣጎልቢትኻን ብምቅላስኻ ከምዝኾነ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና መድረኽ እትገብሮ ዘለካ ጭቡጥ ምንቅስቓስን ቓልሲን ህያው ምስክርካ እዩ። ብሓደ ገፅ "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ዕርፌ ኣፅንዕ" ዝብል ውሕሉል ኣባህላኻ ተጠቒምካ ቕደም ቐዳድም ኣብቲ ተጀሚሩ ዘሎ ውድብና ብዕሙቀት ናይ ምህዳስ ምንቅስቓስ ኣመራርሓን መሓውርን ውድብካን ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መንግስትኻን ንምዕራይ ብዘግርም ኩነታት መምህር ኮይንካ ትቃለስ ኣለኻ። ንኣመራርሓን ደገፍቲ መሓውራትካን ብምንቃፍን ብምዕራይን ጥራሕ ከይተሓፀርካ ከም ህዝቢ ተወዲብካ ነቲ መሪሑን ኣቓሊሱን ናብዚ ዘብፀሐካ መስመር ውድብካ ኣብ ምሕላው ዝነበረካ ወሳናይ ብፅሒት እውን ብዘድንቕ መንገዲ ኢኻ ገምጊምካ። በዚ እትገብሮ ዘለኻ ውድብካን መሓውርካን ናይ ምፅራይ ምንቅስቓስ ድማ ንዓኻ ንህዝቢ ትግራይ ሓዱሽ ነገር እኳ ተዘይኮነ ንውድብካ ተወሳኺ ናይ ቓልሲ ሕራነን ሓበንን ስለዝውስኽ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዘሎዎ ክብሪን ናእዳን ደጊሙ ክገልፀልካ ይፈቱ።

ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ውሽጣዊ ቓልስን ምንቅስቓስን እናሃለኻ ትማሊ ብቓልስኻ ዝስዓርካዮም ሓይልታት ግዳም 'ውን ካብ እንግዳዕኻ ኣይወረዱን። ሐዚ 'ውን በቲ ብፃዕርኻን ቓልስኻን እተመዝገቦ ዘለኻ ዓወታት ኣዒንቶም ደም እናመለአን እቲ ጀሚርካዮ ዘለኻ ጉዕዞ ምዕዋት ልምዓት ፣ ዴሞክራሲን ሰላምን ናብ ሽትኡ ክበፅሕ ከሎ ከምቶም ኣያታቶም ሓመድ ድብኦም ከምተእትዎም ስለ ዝፈልጡን ካብቲ ሒዝካዮ ዘለኻ መንገዲ ከውፅኡኻ ፣ መንነትካን ውሑሉል ናይ ቓልሲ ተመኩሮኻን ከይተረድኡ (ክርድኦም 'ውን ኣይክእልን) ኮንደኾን ብስምዒት ይለዓዓልልና ኢሎም ብዕራይ ወለደ ናይ ሓሶት ኹምራ እናምፅኡ ዓገርገር ምባል  መዓልታዊ ተግባሮም እናኾነ ይመፅእ ከምዘሎ ትዕዘቦ ዘለኻ እዩ። ይኹን 'ምበር ነዞም ደመኛታትካ ዕሉላት

ትምክሕትን ፀበብትን ሓይልታት ስልትን ውዲትን ከምቲ ኣመልካ ብስሚዒት ዘይኮነስ ብውሑሉል ሳይንሳዊ ኣካይዳኻ ተንቲንካ ፣ ከምቲ ኣመልካ ጉርድን ምህርቲን እናፈለኻ ብዘግርም ንቕሓት ብስለትን ዓቕልን ውዲታቶም ትምክቶ ኣለኻ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ውድብካ ህወሓት/ኢህወዴግ መዘና ዘይብሉ ህዝባዊ ሓበንን ኩርዓትን ከምዝተሰመዖ ደጋጊሙ እንትገልፀልካ ንቅድሚት ‘ውን እንተኾነ ከም ቀደምካ ኣብ ፅላል መስመር ውድብካ ዓሲልካ ነዞም ንፁራት ዓወታትካ ብመትከላዊ ፅንዓት ከምትቕፅል ውድብካ ህወሓት ንፃት ‘ውን ከይተጠራጠረ ኣብ እትገብሮ ዘለኻ ማዕበላዊ ቓልስን ምንቅስቓስን ኣብ ጎንኻ ኮይኑ ብፅንዓት ከምዝመርሕ ኣብዛ ታሪኻዊ ዕለትና ቃል ክኣትወልካ ይፈቱ።

ዝኸበርኩም ኣባላት ግንባር ኢህወዴግ!

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፅላል መሪሕ ውድቡ ህወሓት/ኢህወዴግ ዓሲሉ ኣብ ዘካየዶ መሪር ቓልሲን ዝኸፈሎ ንምግማቱ ዘፅግም መስዋእትነትን ኣብ ሓደ ዕላማ ሰሚርና ቐላፅምና ጠሚርና ብዘካየድናዮ ሓበራዊን ዴሞክራሲያዊን ቓልሲ ፀረ-ልምዓትን ፀረ-ዴሞክራስን ንዝኾነ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግን ኮራኹሩን መስተክራዊ ብዝኾነ ፅንዓትን ተዋፋይነትን ደምሲስና ማዕርነታዊ ሓድነት ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘረጋግፅ ሓዱሽ ፌደራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ ምህናፅ ዘኹርዕ ታሪክ ኣመዝግብና ኢና። ብረታዊ ተጋድሎና ብዓወት ምዝዛምና እውን ሳላ ዝሓንፀፅናዮ ልምዓታውን ዴሞክራሲያውን መስመርናን ንሃገርና ካብ ምብትታን ኣድሒና ናብ ሃዲድ ጉዕዞ ህዳሴ ኣእቲናያ ኢና። ኣብዚ ሓበራዊ ቀላፅምና ዘዕረፍናሉ ጉዕዞ ቓልስና ንውሽጥና ብቐፃልነት እናሃደስናን እናፀረናን ንኹሎም ናይ ግዳም ፅግዕተኛታትን ፀላእትና እናመከትና ንህዝብናን ሃገርናን ብሩህ ተስፋን ራህዋን ዘለምለመ ተደራረብቲ ዓወታት እናመዝገብና ንቅድሚት ንምርሽ ኣለና። በዓል 11 ለካቲት ለምዘበን እንትነኽብር ድማ ከም ኢህወዴግ ውድብና ብዕሙቀት ነህድስ ኣብ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ዓሲልና ፍሉይ ቓልስን ምንቅስቓስን ኣብ እንገብረሉ መዋእል ኮይና ኢና። ስለዝኾነ ድማ ሐዚ ‘ውን ከምቲ ናይ ትማሊ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ውሽጣዊ ጉድለታትና ብዘይምሕረት ብምስትኽኻልን ንናይ ግዳም ፅግዕተኛታት ብሓበራዊ ዓቕምታትና እናመከትና ፣ ምስ ህዝብና ኮይና ዝሓዝናዮ ጉዕዞ ህዳሴ ኣብ ሽትኡ ንክነብፅሕ ኣብ እንገብሮ ሓበራዊ ቓልሲ ህወሓት ከም ቐደሙ ኣብ ጎድንኹም ከምዘሎ ደጊሙ የረጋግፅ።

ዝኸበርኩም መሓዙት ውድባት!

ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ኣብ ዘካየዶ መሪር ቓልስን ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን ኣብ ሓደ ዕላማ ሰሚርና ብናይ ሓባር ቀላፅምና ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ደምሲስና ሓዳሽ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ ምህናፅ ዘኹርዕ ብደም ዝተፃሓፈ ታሪኽ ኣመዝጊብና ኢና። ድሕሪ ውድቀት ደርጊ እውን ሃገርና ካብ ምብትታን ድሒና ኣብ ጉዕዞ ህዳሰ ክትምርሽ ብሓባር ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ንኩሎም ናይ ውሽጥን ግዳምን ፅግዕተኛታት ብምምካት ንህዝብታት ሃገርና ተስፋ ዘለምለመ ጉዕዞ ህዳሰ ብምስላጥ ተደራረብቲ ዓወታት እናመዝገብና ንዝጋጠሙና ከበድቲ ፈተናታት እናሰገርና ኣብ ምግስጋስ ንርከብ። ስለዝኾነ ሐዚ እውን ከምትማሊ ቐፃልነት ጉዕዞ ህዳሰና ንምርግጋፅ ውሽጣዊ ጉድለታትና እናኣረምና ባህግን ድሌትን ህዝብና ንምምላእን ጉዕዞ ህዳሰ ሃገርና ንድሕሪት ንምምላስ ንዝሃቀኑ ኩሎም ፀላእቲ ንምምካትን ኣብ ዝግበር ርብርብ መቓልስትኹም ውድብ ህወሓት ሎሚ እውን ከም ትማሊ ኣብ ጎንኹም ኮይኑ ዘድሊ መስዋእቲ ከምዝኸፍል ከረጋግፀልኩም ይፈቱ።

ዝኸበርኩም ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና!

ሃገርና ኢትዮጵያ ንኹሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ እውን ሃይማኖታትን እምነታትን ሓብሒባ ኩሉ ህዝቢ ብማዕርነት፣ ብፍቕሪ ፣ ብምክብባርን ምትሕልላይን ዝነብረላ ሃገር ንኽትከውን ብዝኸፈልናዮ ሓበራዊ መስዋእቲ ሓዳሽ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ንሃንፅ ኣለና። ነዚ ብሩህ ጉዕዞ ንድሕሪት ዝመልሱ ናይ ውሽጥና ፀገማት ብዕምቆት ገምጊምና እውን ንምፍትሖም ዝተጠናኸረ ቓልሲ ጀሚርና ኣለና። እዚ ከምዚ እናሃለወ ፀረ ህዝብን ፀረ ሰላምን ዝኾኑ ሓይልታት ውሽጥን ግዳምን፣ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓትናን ጉዕዞ ህዳሰናን ንምዕንቃፍ ለይትን ቀትርን ላሕ ይብሉ ምህላዎም ድማ ናይ ኣደባባይ ምሽጥር ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ዝተሓላለኸ ከይዲ ቓልሲ፣ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓት ኣብ ጎንኹም ብፅንዓት ጠጠው ኢሎም ብሓበራዊ ቓላፅምና ህዳሴ ሃገርና ጋህዲ ከምንገብሮ ኣብዛ ዳግማይ ልደት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ዝኾነት 11 ለካቲት ኮይና ቃልና ከምነሀድስ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ከረጋግፀልኩም ይፈቱ።

ብኣጠቓላሊ ኣብ ዘካየድና ናይ ዕጥቂ ቓልሲ 17 ዓመታት ይኹን ንርብዒ ዘመን ናይ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራሲን ቃልስና ኮታስ ኣብ ኩሉ ምዕራፋት ቓልስና ብዓወታት ተፀንቢልና ኣብዚ በፂሕና ኣለና። ብድምር ናይ 42 ዓመታት ዓወትን ጉዕዞ ቃልስን ምንጪ ኣብ በቢ መድረኹ እናፀረየን እናገወደን ዝኸይድ ህዝባዊ መስመርና እዩ። እዚ ብፅንዓት እናተቓለሰን እናተሃደሰን ዝኸይድ ውድብ ስለዝወነንና እዩ። ኣብ ዙርያ እዚ መስመር ዓሲሉ ተኣምር ዝሰርሕ ፅኑዕን በዓል

ውህሉል ተሞክሮን ህዝቢ ስለዘለና እውን እዩ። ስለዝኾነ እውን መፃኢ ጉዕዘና መንገዲ ተደራራቢ ዓወታትን ለውጥን ከም ዝኸውን ጉሁድ እዩ። ሎሚ እውን ከም ልማዱ ውድብኩም ህወሓት ሕድሪ ስውኣት ኣኽብሩ ኣብ ቅድሚኡ ዘለው ኩሎም ፈተናታት ብፅንዓት ብምስጋር ንቕድሚት ከምዝምርሽን ባህግን ድሌትን ህዝብና ጋህዲ ንምግባር ብፅንዓት ከም ዝረባረብን ኣብዛ ትእምርተ ፅንዓትናን ሰረት ዘይነፅፍ ታሪኽ ስራሓይነትናን ዝኾነት 11 ለካቲት ብምኳን ደጊሙ የረጋግፅ።

**ክብርን ሞገስን ነቶም ዝኾነ ጉርዲ ዘይለግቦም ስውኣትና!!**

**ብሓያልነት መስመርናን ፅኑዕ ህዝብናን ጉዕዞ ህዳሰና ክዕወት እዩ!!**

**ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት**

**ለካቲት 10/2009 ዓ/ም**

***<u>መቐለ</u>***